


# መምርሒ ወፍሪ ክታበት
# ኮቪድ-19 ናይ ወቕቲ ጽድያ 2024

**75 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ሰባት፣ ነበርቲ ኣብ ናይ ኣረጋውያን ክንክን፣ ከምኡ'ውን ዕድሚኦም 6 ወርሕን ልዕሊኡን ዝደኸመ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዘለዎም ሰባት፣ ኣብዚ ጽድያ መጠን ክታበት ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) ክቐርበሎም እዩ።**

## ናይ ጽድያ ክታበት ንመን እዩ ዝወሃብ?

ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ዕድመ ዝደፍኡን ኣቐዲሞም ሕዱር ሕማም ዝጸንሖም ሰባትን ዝኸበደ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ፣ እቶም 75 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም፡ ኣብ ናይ ገዛ ክንክን ዝነብሩ፣ ከምኡ'ውን እቶም 6 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ንሓደጋ ሕማም ዝተቓልዑ ጉጅለታት ናይ ወቕቲ ጽድያ መጠን ክታበት ኮቪድ-19 ክወሃቦም እዩ።

## ናይ ጽድያ ክታበት ዝወሃበሉ ግዜ

ኣብ መንጎ ሚያዝያን ሰነን ቆጸራ ክወሃበካ ኣለዎ፣ እቶም ዝለዓለ ሓደጋ ዘለዎም ድማ መጀመርታ ክድውሉ ይግባእ። ድሕሪ ናይ መወዳእታ መጠን ክታበትካ ኣብ ከባቢ 6 ወርሒ ኣበራታዒ ክታበት ክትወስድ ክትዕደም ኢኻ፣ ግን ድሕሪ 3 ወርሒ ቀልጢፍካ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ መንጎ ሚያዝያን ሰነን ዕድሜኻ 75 ዓመት ትመልእ እንተኾንካ፣ ክሳብ ዕለተ ልደትካ ክትጽበየብልካን፣ ንኽታበት ምስ ተጸዋዕካ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ።

## ኣየናይ ዓይነት ክታበት እዩ ዝወሃበክን፧

ካብ ትካል ክታበት Pfizer ወይድማ Moderna ዝተሰርሐ ዓይነት ክታበት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝተፈቕደሉ ክወሃበክን እዩ። እዞም ክታበታት ካብቲ መበቆላዊ ክታበት ጀሚሮም ዝተመሓየሹ ኮይኖም፣ ንዝተፈለየ ዓይነታት ኮቪድ-19 ዕላማ ዝገበሩ እዮም። እዞም ዝተመሓየሹ ክታበታት ንመከላኸሊ ብጽቡቕ የበራትዑ፣ ከምኡ'ውን ኣንጻር እቶም ኣብ ቀረባ እዋን ዝመጹ ዓይነታት ኮቪድ-19 (Omicron) ቁሩብ ዝለዓለ ደረጃ ጸረ-ነፍሳት ይሀቡ።

ኣብዚ ጽድያን ክረምትን ኣየኖት ፍሉያት ዓይነት ኮቪድ-19 ይዘዋወሩ ከም ዘለዉ ክንግምት ስለ ዘይንኽእል፣ ሓባራዊ ኮሚተ ክታበትን መበራትዕን (JCVI) ኣብ ዳሕረዎት ሰሙናት መደብ ናይ ቀውዒ 2023 ዝጥቀመሉ ክታበት ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ከም ዘለዎ ደምዲሙ ኣሎ።

> ነቲ ዝቐርበልኩም ክታበት ብዝተኻእለኩም መጠን ቀልጢፍኩም ተቐበሉ - ኣብ ትኽክለኛ ግዜ ንዓኹም ዝምጥን ክታበት ክወሃበኩም እዩ።



## ነቲ ኣብ ወቕቲ ጽድያ ዝወሃብ ክታበት ክወስዱ ዘይክእሉ ሰባት

ነዚ ክታበት እዚ ክወስዱ ዘይግብኦም ኣዝዮም ዉሑዳት ብቑዓት ሰባት ኣለዉ። ኣብቲ ዝሓለፈ ግዜ ክታበት ምስ ወሰድኩም ብርቱዕ ዝኾነ ነድሪ ቁጠዐ ኣካላት ኣጋጢሙኩም እንተነይሩ፡ ነዚ ምስ ሓኪምኩም ክትዘራረብሉ ይግባእ።

## ጎድናዊ ሳዕቤናት

**ልሙዳት ጎድናዊ ሳዕቤናት፦** ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝወሰድካዮ መጠን፣ እቲ ልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣብ ኩሎም ክታበት ኮቪድ-19 ሓደ ኮይኑ፣ እንተላይ እቶም ኣብዚ ጽድያ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ዘለዉ እዋናዊ ክታበታት ሓዊስካ፣ ከምዚ ዝስዕብ ዘጠቓልል ኮይኑ፡

- ቃንዛ ምህላው፣ ክብድብድ ዝብል ስምዒት ከምኡውን ኣብቲ ዝተኸተብኩሙሉ ጭዋዳ ኢድ ምልምላም – እዚ ኣብተን ቀዳሞት ድሕሪ ክታበት ዘለዋ ካብ 1 ክሳብ 2 መዓልታት ኣብ ዘሎ ግዜ ክብርትዕ ይኽእል።
- ስምዒት ድኻም
- ቃንዛ ርእሲ
- ሓፈሻዊ ቃንዛታት ወይ ቅልል ዝበሉ ናይ ጉንፋዕ መሰል ምልክታት

ኩነታትኩም ንምምሕያሽ ኣዕረፍኩም ፓራሲታሞል ዝተባህለ ፈውሲ ቃንዛ (ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ወረቐት መጠቕለሊ ብዘሎ መምርሒ ኣወሳስዳ መጠን ፈውሲ ተኸቲሉክም) ክትወስዱ ትኽእሉ።

መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ክታበት እቶም ዝረኣዩ ጎናዊ ሳዕቤናት ካብ ሰሙን ንዘይነውሕ ግዜ ጥራይ ይጸንሑ። ምልክታትካ ዝገደደ እንተመሲሉ ወይ እንተተሻቒልካ፣ ናብ NHS 111 ወይ ንናይ ጽሑፍ/ ተሌፎን ኣጠቓቕማ 18001 111 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

ብመገዲ ውጥን ብጫ-ካርድ (Yellow Card scheme) እውን ብዛዕባ እትጥርጥርዎም ጐድናዊ ሳዕቤናት ክታበታትን መድሃኒታትን ሓበሬታ ከተመሓላልፉ ትኽእሉ ኢኹም።

**ከበድቲ ጎድናዊ ሳዕቤናት፦** ኣብ ልቢ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ነድርታት (ነድሪ ጭዋዳ ልቢ (myocarditis) ወይድማ ነድሪ ሽፋን ልቢ (pericarditis) ዝበሃሉ) ኣብ ኣዝዩ ዉሑድ ኣጋጣሚ ድሕሪ Pfizer ከምኡውን Moderna ዝበሃሉ ክታበታት ናይ ኮቪድ-19 ምውሳድ ከምዝተራእዩ ጸብጻብ ተዋሂቡሎም ነይሩ። እዞም ተርእዮታት እዚኦም ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ንኣሽቱ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ ድሕሪ ዝተወሰኑ መዓልታት ድሕሪ ክታበት ተራእዮም። ዝበዝሑ ካብቶም እዚ ምልክታት እዚ ዝተራእየሎም ሰባት የዕረፎም ቅልል ዝበለ ሕክምናዊ ክንክን ምስተገብረሎም ጥዕንኦም ተመሓይሹን ቀልጢፎም ሓውዮምን። ድሕሪ ምኽታብኩም እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ ዝረኣዩኹም፣ ብህጹጽ ሕክምናዊ ምኽሪ ክትረኽቡ ኣለኩም፦

- ቃንዛ ኣፍ-ልቢ
- ሕጽረት ትንፋስ
- ቅልጡፍ ህርመት፣ ፈርፈርታ ወይ ዲግዲግ ዝብል ህርመት ልቢ ምህላው ዝስምዓካ ስምዒት

ኣብ ዝሓለፈ ክታበት ኣብ ዝወሰድኩሙሉ ግዜ ብርቱዕ ጎድናዊ ሳዕቤን ኣጋጢሙኩም ምስ ዝነብር ተወሳኺ ክታበት ከይትወስዱ ወይድማ ክታበትኩም ከተዳናጉይዎ ንመክር። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ዝምልከት ምስ ሓኪምኩም ወይ ፍሉይ ክኢላ ሓኪም ክትዘራረቡሉ የድሊ። ብዛዕባ ጎድናዊ ሳዕቤናት ጸብጻብ ንምቕራብ ኣብቲ ዳሕረዋይ ገጽ ናይቲ መሐበሪ ንእሽቶይ ወረቐት ተመልከቱ።

## ኣብታ ቆጸራ ዝሓዝኩምላ መዓልቲ ጽቡቕ እንተዘይሃሊኹም እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም?

ጽቡቕ ምስ ዘይስመዓኩም፣ ክታበት ንምውሳድ ክሳዕ እትሓውዩ ተጸበዩ። ረስኒ እንተሃልዩካ ወይ ንኻልኦት ከላብዕ ይኽእል ኢየ ኢልካ እንተሓሲብካ ኣብ ቆጸራ ክትሳተፍ የብልካን።



## ዋላ ድሕሪ ክታበት ምውሳድክን ብሕማም ኮቪድ-19 ክትትሓዝ ትኽእላዶ ኢኽን፧

እዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ኣብዚ ወቕቲ ጽድያን ክረምትን ብኸቢድ ሕማም ኮቪድ-19 ናይ ምትሓዝ ዕድል ክንክዮ እዩ። ኣካላትክን ካብዚ ክታበት ተወሳኺ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ንኸጥሪ ዉሑድ መዓልታት ከድልዮ ይኽእል እዩ። ከም ኩሎም ዓይነታት መድሃኒት፣ ምሉእ-ብሙሉእ ውጽኢታዊ እዩ ክበሃል ዝከኣል ክታበት የልቦን። ገለ ሰባት ክታበት ወሲዶም ከብቅዑ ኮቪድ-19 ክሕዞም ይኽእል እዩ፣ ይኹንምበር ዝኾነ ረኽሲ ከቢድ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

## ኩሎም ክትወስድዎም ዝግባእ ክታበታት ዘይወሰድኩም ምስ እትኾኑ

ክሳብ ሕጂ ሓዲኦም ካብቶም 2 ቀዳሞት መጠን ክታበታት ዘይወሰድኩም ምስ እትኾኑ (ወይ እቶም ትሑት ሕማም ናይ ምክልኻል ብቕዓት ዘለኩም ሳልሳይ መጠን ክታበት ዘይወሰድኩም ምስ እትኾኑ) ኣብ እዋን ወቕታዊ ወፍሪ መጠን ክታበት ክትወስዱ ይግባእ። ብቑዕ እንተኾንካን ኣቐዲሙ ዝተዋህበ ኣበራታዒ ክታበት ድማ እንተ ኣምሊጡካን፣ ነቲ ዝሓለፈካ ንምምላእ ኣብዚ ጽድያ መጥጠን ክታበት ክትወስድ ይግባእ። መብዛሕትኦም ሰባት ነቶም ዘምለጡዎም ክታበት ንምኽሓስ ተወሳኺ መጠን ክታበት ኣየድልዮምን እዩ። ስርዓት ምክልኻልካ ኣዝዩ ዝደኸመ እንተኾይኑ፣ ሓኪምካ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ናይ ጽድያ ክታበት ድሕሪ ምውሳድካ ተወሳኺ መጠን ክታበት ክትወስድ ክመኽረካ ይኽእል።

## ድሕሪ ክታበት ምውሳደይ ክጽበ ድዩ ዘለኒ?

ናይ ኣለርጂ ታሪኽ እንተሃልዩካ፣ ወይ ድሕሪ ኣቐዲምካ ዝወሰድካዮ ክታበት ብቕጽበት ግብረ መልሲ እንተነይሩካ፣ ድሕሪ ክታበት ን15 ደቓይቕ ክትጸንሕ ክትምከር ትኽእል ኢኻ። ነቲ ክታበት ዝሃበ ሰብ ምሕባርኩም ኣረጋግጹ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ትሕት ኢሉ ዘሎ ናይ ኮቪድ-19 መምርሒታት ከተንብቡ ትኽእሉ

**ንዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑ ሰባት ዝምልከት መምርሒታት ኮቪድ-19**

**ክታበት ኮቪድ-19፤ ነፍሰጾራት ወይ ጡብ ዘጥብዋ ደቂ ኣንስትዮ**

**ክታበት ኮቪድ-19 – ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ዘለዎም ሰባት ዝምልከት መምርሒ**

ንኣበራታዒ **ክታበት ናይ ኮሮናቫይረስ ዝምልከት** ናብ NHS.UKብጽሑ።

ብዛዕባ **ድሕሪ ክታበት እንታይ to ክትጽበዩ ከም ዘለኩም ዝምልከት ሓበሬታ ዝሕዘ ወረቐት** ከተውርድዎዎ ወይ ክትእዝዙ ትኽእሉ ኢኹም።

ነቶምኣብ ዓባይ ብሪጣንያ (UK) ፍርያት ክታበት **Pfizer ከምኡውን Moderna ዝወሰድኩም፣ ዝያዳ ሓበሬታ ምንርካብ ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ኣንብቡ** ብዛዕባ ክታበት ከምኡውን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጎድናዊ ሳዕቤናት ዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ኣበራታዒ ክታበት ክትወስድ ክትዕደም ኢኻ፣ ሓፈሻዊ ሓኪምካ ነቲ ክታበት ክህበካ ይኽእል ወይ ድማ **NHS መተግበሪ** ተጠቒምካ ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ።

Download on the App Store

GET IT ON Google Play

ወይ ድማ ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ናይ ተመላለስቲ ቦታ ክታበት ንምርካብ ኣብ **www.nhs.uk/vaccine-walk-in** ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ።

ብተወሳኺ ዝጠርጠርኩሞም ጎድናዊ ሳዕቤናት በቲ ናይ Yellow Card ነቕጣ መርበብ ሓበሬታ ወይ ብቑጽሪ 800 731 6789 (9ቅ.ቀ ክሳብ 5ድ.ቀ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ) ኣብ ዘሎ ግዜ ክትድዉሉ ትኽእሉ ወይ'ድማ ነቲ ናይ Yellow Card መተግበሪ ካብ መርበብ ሓበሬታ ከተውርድዎ ትኽእል።

**www.mhra.gov.uk/yellowcard**



This leaflet is also offered as a translated version in Albanian, Arabic, Bengali, Bulgarian, Chinese, Chinese (simplified), Estonian, Hindi, Italian, Gujarati, Latvian, Lithuanian, Polish, Panjabi, Pashto, Russian, Spanish, Somali, Turkish, Tigrinya, Ukrainian, Urdu and Yoruba. It is available as a BSL video, braille and large print. Please visit **www.healthpublications.gov.uk** or call 0300 123 1002 to order more copies.

© Crown copyright 2024. UK Health Security Agency gateway number 2024-030. Product code: C224SP2TI Tigrinya.